# ኣዋጅ ቁጽሪ 129/2003

## ሃገራዊ ኮሚተ ኣወሃሃዲ ረዲኤት ድርቂ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ

ክቢድ ድርቂ ኣብ ብዙሕ ክፋላት ኤርትራ ተኸሲቱ ስለዘሎ፡ ሳዕቤናት ናይ'ዚ ክቢድ ድርቂ ክእለዩ ዝኽእሉ፡ ብዘይካ ብካልእ፡ ብስሉጥን ኣድማዒን ምውህሃድ ናይ ኩሎም ኣብዚ ናይ ድርቂ ረዲኤት ጻዕሪ ዝሳተፉ ጥራይ ስለዝኾነ፡ እዚ ምውህሃድ ከኣ ብዝለዓለ ጽፍሒ ናይ መንግስቲ ክኸውን ስለዘለዎ፣

እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ፡-

1· ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ሃገራዊ ኮሚተ ኣወሃሃዲ ረዲኤት ድርቂ መቘሚ ኣዋጅ ቁጽሪ 129/2003" ተባሂሉ ክጥቀስ ይክኣል።

2· ኣቓውማ

ንጥፈታት ናይ ኩለን ኣብ ናይ ድርቂ ረዲኤት ስራሓት ዝሳተፋ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላትን ውድባትን ዘወሃህድን ዝከታተልን ሃገራዊ ኮሚተ ኣወሃሃዲ ረዲኤት ድርቂ (ስዒቡ "ኮሚተ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) በዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይሙ ኣሎ።

3· ኣባላት ኮሚተ

ኮሚተ በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይቖውም፡-

ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ……….. ኣደ መንበር
ሚኒስተር ጥዕና ……………………………… ኣባል
ሓላፊ ማክሮ ፖሊሲን ናይ ወጻኢ
ምትሕግጋዝን፡ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት …… ኣባል

4· ናይ ምትሕግጋዝ ግዴታ

ኩሎም ኣብ ናይ ድርቂ ረዲኤት ስርሓት ዝዋፈሩ መንግ ስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላትን ውድባትን ብመሰረት ድንጋጌታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ምስ ኮሚተ ናይ ምትሕግጋዝ ግዴታ ይህልዎም።

5· ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሓደ ዓመት ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ፡ ጥሪ 10፡ 2003
መንግስቲ ኤርትራ።